

ብስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ፡ ኣሜን።

# ቅዱስ መስቀል ሓይሊ ክርስትያን

“

“መስቀል ኃይልነ፡ መስቀል ጽንእነ፡ መስቀል ቤዛነ መስቀል መድኃኒተ ነፍስነ። (1 ቆረ 1፥18)

(Ritual Theology)


ቀሲስ ቴድሮስ ተስፋይ

ቅ. ማርያም ቤተክርስትያን ሳን ሊያንድሮ ካሊፎርኒያ


መስከረም (September) 22, 2012 ዓ. ም ፈረንጂ

መስከረም ፲፩, ፳፻፬ ዓ. ም ግእዝ

www.tewahdo.org


ትሕዝቶ ትምህርቲ
1. መእተዊ
2. ንቅዱስ መስቀል ነኽብረሉን ነብዕለሉን ምኽንያት እንታይ እዩ?
3. ትእምርተ መስቀል ኣብ ብሉይ ኪዳን
4. ቅ. መስቀል ዘመሓላልፎ ዓበይቲ መልእኽታት
5. ቅ. መስቀል ኣርማ ቤተክርስትያን፤ ሓይሊ ክርስትያን
6. ቅ. መስቀል ንክርስትያን ዘሰክሞ ሓላፍነት፡ ሓቂ።
7. መልእኽቲ ቅ. መስቀል ንዓለም ፍትወታን ምምናን
8. መስቀልን ክርስትያናዊ ናብራን

# መእተዊ

- ❖ መስቀል ከቢድ ገበን ዝፈጸመ ዝቕጽዓሉ ኣሰቓቒ ፍርዲ እዩ።
  - ❖ሎሚ ሰብ ሰልጢኑ ብመድሃኒት ወይ ብናይ ኤልትሪክ ዓራት ሰብ ብሞት ይቕጻዕ፡ ናት ፍርዲ ዘይህባ ክ/ሃገራት ኣሎዋ።
  - ❖ኣብ ኦሪት ኪዳን ንማርዶካይ ዝተዳለወ ሃማን ከምዝተሰቕሎ ነንብብ (ኣስቴር 7፥10)
- ❖ ምሁራት መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ታሪኽ ሰለስተ ዓይነት መስቀል ኣብ ጥቕሚ ይውዕል ከምዝነበረ ይገልጹ።



❖መድሓኒና ክርስቶስ ዝተሰቕለሉ እቲ “ተ” ቅርጺ ዘሎዎ ምኻኑ ይፍለጥ።
❖መስቀል ናይ ስቃይን ዓወትን ቦታ እዩ።
❖ድሕሪ ክርስቶስ፡ ቅ. ጴጥሮስ፡ ቅ. እንድርያስ፡ ቅ. ያዕቆብ ንእሽተይ፡ ቅ. ስምዖን ብመስቀል ከምዝሞቱ ታሪኽ ቤተክርስትያን ይነግር።

# ንቅዱስ መስቀል ነኽብረሉን ነብዕለሉን ምኽንያት

❖ ክርስትና ብነገስታት ሮማ ብኣዋጅ ክኑን ኔሩ። መቕጻዕቱ ሞት ኔሩ። ደም ክርስትያናት ከም ውሕጅ ዝፈሰሰሉ እዋን ኔሩ።



- Nero (64 A.D.)
- Domitian (c.90-96)
- Trajan (98-117)
- Hadrian (117-138)
- Marcus Aurelius (161-181)
- Septimus Severus (202-211)
- Maximus the Thracian (235-251)
- Decius (249-251)
- Valerian (257-260)
- Diocletian / Galerius (303-311).

**ንጉስ ቆስጠንጢኖስ ዓቢ ን ኣዲኡ ንግስቲ ኢለንን።**

Constantine I was emperor from July 25, 306 - May 22, 337. Constantine was the first emperor to convert to Christianity.

**ብኣዋጅ ክርስትና ሕጋዊ ኃይማኖት ዝገበረ ናይ መጀመርያ ክርስትያን ንጉስ ሮማ'ዩ።**

# ንቅዱስ መስቀል ነኽብረሉን ነብዕለሉን ምኽንያት

❖ ኣይሁድ ክርስትና ሽጥፍኡ ንክርስቶስ ጥራይ ኣይኮነን ንሞት ፈሪዶምዎ። መስቀሉ ሽኣ ትኣምራት ኪገብርን ንብዙሓት ኪፍውስን ምስ ጀመረ፡ መኣከቢ ጎሓፍ ገበርዎ (ንኣስታት 200 ዓመታት)።

❖ ንግስቲ ኢለን መንፈስ ቅዱስ ኣተሓሳሲብዋ ናብ ኢዮሩሳሌም ብምኻድ ንኣይሁድ ሓተተት። ድሕሪ ብዙሕ ምዱኑጋይ ንሓደ ዓብይን ኣረጊትን ኣቦ ብምሕታት፡ ካብቲ ሰለስተ ብጎሓፍ ዝተዶኮነ ጎቦታት ኣብ ሓዲኡ ከምዘላ ሓበራ።

❖ብኹዕታ ናይ ንግስቲ እሌኒ ዝተረኽበሉ 19 መጋቢት 326 ዓ.ም (ብግእዝ 10 መጋቢት) እኳ እንተኾነ ኣቦታት ቤተክርስትያን እቲ ቦታ ተቐዲሱ ቤተክርስትያን ዝተተኽለሉ መዓልቲ መስከረም 17 (ግእዝ) ኪብዓል ወሰኑ።




❖ ዕንጸይቲ ኣኪባ ሓዊ ብምንዳድ ናብቲ ትኪ ዘምርሖ ኪትኩዕት ከምዘሎዋ ብሕልሚ እግዚኣብሔር ከም ዝገለጸላ፡ ካብኡ ተበጊስና ክሳብዚ እዋን ሆየ ሆየ ከምእንብል ይፍለጥ።

# ትእምርተ መስቀል ኣብ ብሉይ ኪዳን



❖"ወወሃብኮሙ ትእምርተ ለእለ ይፈርኁከ ከመ ያምሥጡ እምገጸ ቅስት ወይድኃኑ ፍቁራኒከ" መዝ. ፶፱ ፬። "ስለ ሓቂ ምእንቲ ኪለዓል ነቶም ዝፈርሁኻ ሰንደቕ ዓላማ ሃብካዮም" መዝ. 60፡4።

❖ያዕቆብ ኪምርቕ ከሎ...ወኣስተሓለፈ እደሁ ላእለ ኤፍሬም ወምናሴ "ኢዱ ኣብ ልእሊ ኤፍሬምን ምናሴን ኣመሓላለፈ።" ዘፍ. 48፡ 14-20።

❖ ። "ኮነ ከኣ ሙሴ ኢዱ ምስ ዘልዕል እስራኤል ይስዕር፡ ኢዱ ምስ ዘውርድ ድማ ኣማሌቅ ይስዕር ነበረ።" ዘፀ. 17፡11 እቲ ንሙሴ ኣብ ርእሲ ኩርባ፡ ንኢያሱ ድማ ኣብ ዓውደ ኲናት ሓደ ዝገብሮም ዝነበረ እቲ ብትእምርተ መስቀል (ብምልዓል ኣእዳው) ዚዓዪ ዝነበረ ረድኤት እግዚኣብሔር እዩ።

❖ "እግዚኣብሔር ከኣ ንሙሴ ዚነድድ ተመን ንኣኻ ግበር፡ ኣብ ባላ ድማ ስቐሎ። ክኸውን ድማ እዩ እቲ እተነኸሰ ዘበለ ናብኡ እንተ ጠመተ ኪሓዊ እዩ። ሙሴ ከኣ ካብ ኣስራዚ ተመን ገበረ። ኣብ ባላውን ሰቐሎ። ኮነ ከኣ ገለ ተመን ንሰብ እንተ ነኸሰ፡ ናብቲ ተመን ኣስራዚ ምስ ዚጥምት፡ ይሓዊ ነበረ። ዘኊል.21፡8-9

# ቅ. መስቀል ዘመሓላልፎ ዓበይቲ መልእኽታት

- ❖ መስቀልን ድሕነት ኩሉ ውሉድ ኣዳምን።
  - ❖ መስቀል ኃይልነ፡ መስቀል ጽንእነ፡ መስቀል ቤዛነ መስቀል መድኃኒተ ነፍስነ። (1 ቆረ 1፥18)
  - ❖ ቅዱስ ጎርጎርዮስ "Neither an angel nor an archangel, nor a Patriarch nor a prophet you have entrusted for our own salvation, but you yourself came down, and was incarnate and saved us" (St. Gregorys Divine Liturgy)
  - ❖ ብመስቀል ውሉድ ኣዳም ምስ ገዛእ ርእሱን ምስ ኣብኡን ዕርቂ ገበረልና።
  - ❖ ቅ. ኣትናቴዎስ "ኣብ ዕንጸይቲ ዝስቀል ርጉም'ዩ ንዝብል። ዘዳ 21፥23" መርገምና ኪጸውር ብእሰቃቂ ሞት መስቀል ሓለፈ።
  - ❖ ነቶም ክልተስ ሓደ ዚገበረ ነቲ ኣብ መንጎ ዝነበረ ከልካሊ ቀጽሪውን ዘፍረሰ ሰላምና እዩ። .... ብመስቀሉ ነቲ ጽልኢ ቀቲሉ፡ ንክልቲኦም ብሓደ ሥጋ ምስ ኣምላኽ ኣተዓረቐም።" ኤፌ. 2፥14-17።



# ቅ. መስቀል ኣርማ ቤተክርስትያን፤ ሓይሊ ክርስትያን

- መስቀል ናይ ክርስትያን ሓይሊ እዩ 1 ቈሮ. 1፥18-19።
  - ኣርማ/ባንዴራ ሃገር ከምዘሎ፡ ኣርማ ቤተክርስትያን መስቀል እዩ።
  - "መስቀል ብርሃን ለኲሉ ዓለም ዓምዳ ወድዳ ለቤተ ክርስቲያን። መስቀል ንኹሉ ዓለም ዘብርህ መሠረትን ዓምድን (እምነትን) ቤተ ክርስቲያን እዩ። (ድጉዓ ዘቅድስት)
  - መስቀል ማለት ንጸላኢ ሰይጣን እንስዕረሉ መሳርሒ እዩ። ቈላ. 2፥14-15።
  - "ንእኡ ዚኣምን ኩሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኪረክብ እምበር ከይጠፍእሲ፡ ከምቲ ሙሴ ኣብ በረኻ ተመን ዝሰቐለ፡ ከምኡ ድማ ወዲ ሰብ ኪስቀል ይግብኦ እዩ።" ዮሓ. 3፥14-15
  - ምእንቲ ከይትደኽሙን ከይትሕለሉን …"ናብቲ ሕፍረት ንዒቑ፡ ስለቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጎስ ኢሉ መስቀል እተዓገሰን ኣብ የማን ኣምላኽ እተቐመጠን ጀማር እምነትናን ደምዳሚኣን ኢየሱስ ንጠምት።" እብ.12፥2 ፊል.3፥20

# ቅ. መስቀል ንክርስትያን ዘሰክሞ ሓላፍነት፡ ሓቂ።

- ❖ መስቀል ክርስትያን ካብ ዓለም ዝፍለይሉ (ዝስቀሉሉ) ህይወት

- ❖ "ንኹሎም ከኣ ደድሕረይ ኪስዕብ ዝደሊ ነፍሱ ይኽሓድ፡ መስቀሉ ኣብ ጸጽባሕ የልዕል እሞ፡ ይስዓበኒ በሎም።" ሉቃ.9፡23

- ❖ እዚ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና እንታይ ማለት'ዩ?

- ❖ ህያው ኣብነት ቅ. ኣቡነ እንጦንዮስ "ንሕጊ እንተረጊጽካዮ ተመሊሱ ይረግጸካ'ዩ"

- ❖ ንልዕሊ 6 ዓመታት ብዘይ ክሲ ዝተኣሰሩ ሊቃውንቲ ቤተክርስትያን ኣለዉ።

- ❖ ንምድራዊ ንጉስዶ ሰማያዊ ንጉስ ዝበሃለሉ እዋን ኣሎ?

- ❖ በቲ ሓደ ሸነኽ ዕርቂ ኣድላይን ፈውስንዩ። ንዕርቂ ኩሉ ዓይነት ሕድገት ኪግበር ይግባእ።

- ❖ ዕርቂ ብዋጋ ሓቂ ግን ናይ ሓቂ ዕርቂ ኣይኮነን። ሰማዕታት ቤተክርስትያን ይኹኑ ሃገር ህይወቶም ንሓቂ እዮም ዘሕልፉ።



# መልእኽቲ ቅ. መስቀል ንዓለም ፍትወታን ምምናን

- ❖ ንዓለምን ፍትወታን መኒንካ ንኣምላኽ ወናንን መላኽን ህይወትካ ምግባር
- ❖ እዚ እቲ ዝዓበየ ግድልና'ዩ (Each of us is a work in progress.)
- ❖ እግዚኣብሔር ንእስራኤላውያን ካብ ግብጺ ከውጽኦም ሓደ ለይቲ፡ ንግብጺ ካብ ልቦም ከውጽኣ ግን 40 ዓመታት።
- ❖ "እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበሉ ከኣ ነቲ ሥጋኦም ምስናይ ፍትወቱን ትምኒቱን ሰቒሎምዎ እዮም። ገላ. 5፡24
- ❖ " በቲ መስቀል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዓለም ብእኡ ነዓይ እተሰቐለት፡ ኣነውን ንዓለም እተሰቐልኩ፡ እንተ ዘይኮይኑስ ትምክሕቲ ዘበለ ካባይ ይርሓቕ" (ገላ. 6፡14)።



# መስቀልን ክርስትያናዊ ናብራን፡ ጸቢብ ናይ ፍቕሪ መገዲ።

- “እቲ ዝሞተ ካብ ኃጢኣት ሓራ ወጺኡ እዩ እሞ፡ እዚ ደጊም ንኃጢኣት ከይግዛእ፡ እቲ ናይ ኃጢኣት ሥጋ ምእንቲ ክጠፍእ፡ እቲ ኣረጊት ሰብና ምስኡ ከም እተሰቕለ ፈሊጥና፡ ኣሎና።” ሮሜ 6፡6 “ኣነስ ንኣምላኽ ብሕይወት ምእንቲ ክነብር፡ ካብ ሕግስ ብሕጊ ሞትኩ፡ ምስ ክርስቶስ ተሰቐልኩ፡ ገላ. 2፡ 19
- ስለዚ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኣካላትኩም ቅተሉ፡ ምንዝር ርኽሰት፡ ፍትወት ሥጋ፡ ክፉእ ትምኒት ስስዓ፡ እዚ ድማ ኣምልኾ ጣኦት እዩ።” ቈላ. 3፡5።
- “እምበኣርከስ ከም ሕሩያት ኣምላኽን ቅዱሳንን ፍቑራትን ኮንኩም፡ ምሕረት ልቢ፡ ለውሃት፡ ዓቕሊ፡ ትእግስቲ ልበሱ። ከምቲ ክርስቶስ ይቕረ ዝበለልኩም ንስኻትኩምውን ከምኡ ይቕረ በሉ። ኣብ ልዕሊ እዚ ኩሉውን ፍቕሪ ማእሰር ፍጻሜ እያ እሞ ልበስዋ ቈላ. 3፡12-15 1ቈሮ.13-4-8።



# ሰሚናር ንምድላው ዝተወከሰናሎም መጻሕፍቲ

1. ንተመሃሮ ስነ-መለኮት ቅ. ኣትናቴዎስ ዝተዳለወ መጽሓፍ
2. Liturgy of Saint Basil, Reference Book Edited By Fr. Abraam D. Sleman
3. ቅዳሴ ዮሃንስ ኣፈወርቂ፣ ቅዳሴ ሓዋርያት፣ ቅዳሴ እግዚእ: ቅ. ጎርጎርዮስ
4. መርበብ ሓበሬታ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኤርትራ፣ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ (www.tewahdo.org)
5. መርበብ ሓበሬታ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ግብጺ፣ ሃገረ ስብከት ደቡባዊ ሰሜን ኣመሪካ (www.suscopts.org)
6. ታሪኽ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን, ብመሪጌታ ይትባረኽ በርሀ።
7. Contemplations on the Historical Significance of the Cross by HG Bishop Youssef

**“ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ማለት ኣብታ ናይ ሓቂ ዓንድን መሰረትን ዝኾነት ቤተክርስትያን ህያው ኣምላኽ፡ ከመይ ጌርና ክንነብር ከም ዝግብኣና ክትፈልጥ ጽሒፈልካ ኣሎኹ።” 1ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ብመንፈስ ወዱ ዝኾነ ጢሞቴዎስ 3፡15።**

ንቅዱስ ሣልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ብጥዕናን ሰላምን ይሓልወልና!
ንብፁእ ኣቦና ኣቡነ መቃርዮስ ከኣ ኣብ ኣገልግሎቶም ዓወት ይሃብ።

ንቤተክርስትያንናን ሃገርናን ድማ ሰላሙ ይሃብ።

- ክፉት መድረኽ ንሕቶን ርእይቶን